# ኣብ ፌዴራላዊት ዲሞክራሲያዊት ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ
# ኣብ ናይ ሓሙሽተ ዓመት (1998 - 2002) ትልሚ ልምዓት

## ንዝምልከቶም ኣካላት ግንዛበ ንምዕባይ ዓሊሙ ሓፂሩ
## ዝተዳለወ ሰነድ
## /Popular Version of PASDEP/

**ፖቨርቲ ኣክሽን ኔትወርክ ኦፍ ሲቪል ሶሳይቲ**
**ኦርጋናይዜሽንስ ኢን ኢትዮጵያ (ፖኣኔኢ)**

ታህሳስ 2000
ኣዲስ ኣበባ

## 1. መእተዊ

ኣብ ምንካይ ድኽነት ኣድሂቦም ብዝንቀሳቐሱ ጥምረት ማሕበራት ሲቪል ኢትዮጵያ ኣቢልካ ከይዲ ምንካይ ድኽነትን ዘላቒ ልምዓትን ዝምልከቶምን ሰብ ብፅሒት እቲ ጉዳይ ንዝኾኑ ክፋላት ሕብረተሰብን ግንዛበ ንምዕባይ እዚ ሰነድ ምድላው ኣድላዩ ኮይኑ ተረኺቡ' ሎ:: እቲ ሰነድ ዘድህቦ ብፍላይ ኣብዚ ሕዚ እዋን ፖለቲካዊን፣ ምምሕዳራውን፣ ቁጠባውን ውሳነታት ንዝወሃቡሎምን ንዝትግበሩሎምን ታሕተዎት ብርክታት ምምሕዳር እዩ:: ሃገርና እትኽተሎ ፌደራሊዝም ብሓፈሻን ከምኡውን ዘይምእኹል በጀታዊ ስርዓትን ስልጣን (ውሳነ) ካብ ማእኸል ናብ ዝምልከቶም ታሕተዎት ብርክታት እናወሰዶም ይርከብ:: ብሙኳኑ ድማ እዚ ሕፅር ኢሉ ዝተዳለወ ሰነድ ኣብታሕተዋይ ብርኪ ምምሕዳር ዝርከሉ ኣካላት፣ ሓንፀፅትን ተግበርትን እቲ ትልሚን ካልኦት ኣካላትን ንፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ብዝግባእ ተረዲኦም ንክትግብሩ ይሕግዞም ዝብል ፅኑዕ እምነትን ተስፋን ኣሎ:: ካልኣይ ዙርያ መደብ ምዕሳል ዘይምእኹል ምምሕዳር ካብ 1995 ዓ.ም በጀት ዓመት ጀሚሩ በጀት ወረዳታት ነቶም ወረዳታት ብቀጥታ ብምምዳብ እቶም ወረዳታት ከከም ድሌቶም ወሲኖም ንክምድቡ ስልጣን ሂብዎም' ዩ::

ቀንዲ ዕላማ ዚ ሓዊር ሰነድ ስሉጥን ቀፃልነት ዘለዎን ትልሚ ምጥፋእ ድኽነት/ /ማለትውን ናይ ሓሙሽተ ዓመት /1998-2002 ዓ.ም/ትልሚ ልምዓት ንምትግባርን ንምክትታልን ንተጠቀምቲ በዝጥዕም መልክዑ ግልፂ ንክኾን ምግባር ዩ::

ኣዝዮም ዝርዝር ናብዝኾኑ ዛዕባታት እንከይተኣተወ ወሰንቲ ጉዳያትውን እንከይተሓለፉ፣ ኣገዳስነት እቲሰነድ፣ መበገሲ ሓሳባት፣ ዕላማታትን ቀንዲ ቀንዲ ስትራተጂታትን እቲ ትልሚ ንምብራህ ተሞኪሩ ዩ::

## 2. መበገሲ ዕላማን ቀንዲ ቀንዲ ስትራተጂታትን ቲ ትልሚ

### 2.1 መበገሲ እዚ ትልሚ

እዚ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ትልሚ ልምዓት ዝተሓንፀፀ ካብ 1995-1997 ዓ.ም ተተግቢሩ ኣብዝሓለፈ መደብ ምንካይ ድኽነትን ዘላቒ ልምዓትን ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ብምድሃብ' ዩ:: ራእይ ኢትዮጵያ ኣብቶም ዝቅፅሉ 20ን 30ን ዓመታት ውሽጢ ‘‘ኣብ ተሳትፎን ፍቓድን ህዝብታት ዝተመሰረተ ዴሞክራሲያዊ ስርዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ዝዓሰላ፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘለዋ ካብ ድኽነት ተናጊፋ ማእከላይ እቶት ዘለዋ ኢትዮጵያ ንምፍጣር ዩ::"

እዚ ትልሚ ሽቶታት ልምዓት እዚ ምእተ ዓመት ንምዕዋት ዝሕግዝ ፈላማይ ትልሚ ሓሙሽተ ዓመት ዩ:: ብፍላይ ኣብ ዘፈራት ቁጠባ ራእይ ሃገርና እዚ ዝስዕብ ኣቐሚጡ' ሎ::

- ኣብዝለዓለ ብርክታት ቴክኖሎጂን መፍረያይነትን ዝበፅሓ ዘበናዊ ሕርሻ፣ ኣብ ቁጠባ ናይ መሪሕነት ግደ ዝፃወት ኢንዱስትሪ ምህናፅ፣
- ፍትሓውነት ዝተረጋገፀሉን ቀፃልነት ዘለዎ ልምዓትን ዘለዋ፣
- ነፍሰ ወከፍ ዓመታዊ እቶት ዜጋታት ማእኸላይ ምዕባለ ዘለወን ሃገራት ኣብዝበፅሓሉ ብርኪ እትርከብ ሃገር ንክትኾን ግባር፣

## 2.2 ዕላማ ቲ ትልሚ

ቀንዲ ዕላማ እቲ ትልሚ ልምዓት ቁጠባዊ ምዕባለ ብምቅልጣፍ እቲ ዕብየት ቀፃልነት ንክህልዎ ብምግባር ህዝቢ በብደረጅኡ ተረባሒ ዝኾነሉን እንተንኣሰ ሽቶ ልምዓት እዚ ምእተ ኣመት ንምዕዋት ዘኽእሉ ዘተኣማምኑ ውፅኢታት ልምዓት ንክህሉ ምግባር ዩ::

## 2.3 ቀንዲ ቀንዲ ስትራተጂታት እቲ ትልሚ

ስትራተጂታት ልምዓት ሓሙሽተ ዓመታት ኢትዮጵያ ኣብቶም ዝሰዕቡ ቀንዲ ቀንዲ ዛዕባታት ዘድሃቡ እዮም::

ሀ/ ኩለ መዳያዊ ናይ ምፍፃም ዓቕሚ ምህናፅ፣

ለ/ ስሉጥ፣ መሰረት ሰፊሕን ቀፃልነት ዘለዎን ቁጠባዊ ምዕባለ ምዕሳል፣

ሐ/ ንዕብየት ህዝብን ዕብየት ቁጠባን ዘመጣጥን ኣንፈት ምኽታል፣

መ/ ኩለመዳያዊ ዓቕሚ ደቂኣንስትዮ ኢትዮጵያ ንምጥቃም ዘኽእል ጥጡሕ ኩነታት ምፍጣር፣

ሠ/ መሓውራት መሰረት ልምዓት እታ ሃገር ምጥንኻርን ምስፍሕፋሕን፣

ረ/ ልምዓት ሓይሊ ሰብ ኣጠናኺርኻ□ ምቐ□ፃል፣

ሰ/ ዕድል ስራሕ ምስፍሕፋሕ፣

ሸ/ ንሓደጋ ተቓላዒነት ዘስዕቦ ስግኣትን ዘይምርግጋዕን ምዕጋት

### 2.3.1 ***ኲለ መዳያዊ ናይ ምፍፃም ዓቕሚ ምህናፅ***

*መንግስቲ ንከይዲ ህንፀት ዴሞክራሲ ወሳኒ ኢሉ ዝኣመነሉ ህንፀት ዓቕሚ ትግበራ ምስ ስትራተጂ ልምዓት ዝኸዲ ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ሓንጊፁ ዝጠናኸሩሉን ቀፃልነቶም ዘረጋግፅን መርሃ ግብሪ ሓንጊፁ ዩ:: ንምዕዋት ዚ ዕላማ ድማ ምጥንኻር ዴሞክራሲያዊ ትካላት፣ ምምሕያሻ ሲቪል ሰርቪስን ናይ ፍትሒ ከይዲን ልዑል ግደ ከምዝህልዎም ተኣሚኑሉ ኣሎ:: ምሕጋዝ ዘፈራት ኮንስትራክሽንን ዕብየት ቴክኖሎጂን ከምኡ ውን ርክባት ሓበሬታን ህንፀት ዓ..ሚ ብደረጃ ወረዳን ኣብ ውሽጢ ዚ ተጠቓሊሉ ኣሎ::*

### 2.3.2 ***ስሉጥ መሰረት ሰፊሕን ቀፃልነት ዘለዎን ቁጠባዊ ምዕባለ ምዕሳል***

*ስሉጥ መሰረተ - ሰፊሕን ቀፃልነት ዘለዎ ምዕባለን ንምስላጥ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ዛዕባታት የድህብ፣ ንሳቶም ውን፣*

- *ዕዳጋ ዝመርሖ ልምዓት ሕርሻን፣*
- *ምቅልጣፍ ቁጠባዊ ምዕባለ ዘፈር ውልቀ እዮም::*

***ሀ/ ዕዳጋ ዝመርሖ ልምዓት ሕርሻ ምቅልጣፍ***

*እዞም ዝስዕቡ ዕዳጋ ኣብ ዝመርሖ ልምዓት ሕርሻ ወሳኒ ግደ ዘለዎም እዮም::*

- *ሕርሻን ዕዳጋን ዘራኽቡ ክረምትን ሓጋይን ዝገልግሉ መንገዲታት ምህናፅ፣*
- *ንኣናእሽተይ ሓረስቶት ንልምዓት ሕርሻ ዝውዕል ግልጋሎት ልቓሕ ምስፍሕፋሕ፣*
- *ዝተፈላለዩ ስነ ምህዳራት ሕርሻ እዛ ሃገር ንዝውክሉ ዞባታት ልምዓትን ዘበናዊ ሕርሻታትን ዝተፈላለዩ ግልጋሎታት ሜላ ሕርሻ /ኤክስቴንሽን / ምሃብ፣*
- *ሃገር ለኸ ትሕዝቶ ዘለዎ ስርዓት ዕዳጋ፣ ትልሚ ስራሕን ንዕዳጋ ወፃኢ ዝቐርቡ /ከም ቐ□መም፣ ዕምበባ፣ ኣትክልትን ፍረምረን ዝኣመሰሉ፣ ዘራእቲ ልምዓት ዝሕግዙ ዝስማምዑ እታዎታት/ፓኬጃት/ ምድላው፣*
- *ግድባት ተጠቒምካ ልምዓት መስኖ ምስፍሕፋሕ፣*
- *ቀረብ ዱኽዒን ምሩፅ ዘርእን ምምሕያሽን፣*
- *ውሕስነት ትሕዝቶ መሬት ንምርግጋፅ ዝሕግዙ ስጉምትታት ምውሳድን ኣብዝተፈላለዩ ከባቢታት ንሰፋሕቲ ሕርሻ ዝውዕሉ ቦታታት ምድላው፣*

## ለ. ምቅልጣፍ ዕብየት ቁጠባ ዘፈር ውልቀ

### ለ.1. ድሌት ውልቀሰባት ንምዕባይን ናብ ስራሕ ንምስሓብን ትካላት ወሃብቲ ግልጋሎት ምጥንካር

- ምምሕያሽ ኣወሃህባ ፍቓድ ስራሕን ምስላጥ ከይዲ ስራሕን፣
- ምጥንኻር ቁፅፅር ስርዓትን ጥጡሕ ኩነታት ምፍጣርን፣ እዚ ዝኸውን ድማ ዋንነት ንብረት ንምርግጋፅ ከይዲ ኣወሃህባ ፍትሒ ብምምሕያሽ፣ ናፃ ዝኾነ ስርዓት ንሕንሕ ብምዝርጋሕ ተፈፃምነት ውዕልታት ኮንትራት ምርግጋፅ፣
- ዘፈር ፋይናንስ ብምምሕያሽ ፍልፍላት ካፒታልን መካየዲ ስራሕን ክውስኽ ምግባር፣
- ዘፈር ውልቀ ብኣግባቡን ብብቑዓትን ከሳልጦም ዝኽእል ስራሕቲ ደረጃ ብደረጃ ካብ መንግስቲ ናብ ውልቀ ብምትሕልላፍ ሰላማዊ ንሕንሕ ምዕሳል፣
- ንምቅስቓሳት ንግድን ኢንቨስትመንትን ብዘተባብዕ መልክዑ ኣብ ውሕስነት ትሕዝቶ መሬት ቀፃሊ ምምሕያሻት ምግባር፣
- መሰረት ልምዓታት ምጥንኻርን ምስፍሕፋሕን፣
- መደባት ትምህርቲ ቴክኒክን ሞያን ዝያዳ ብምስፍሕፋሕ ዓቅምን ሞያን ሰራሕተኛታት ምምሕያሽ፣
- ኣብማክሮ ኢኮኖሚ ምርግጋፅ፣ ኩነታት ሸርፌ ወፃኢ ምምጥጣንን ናህሪ ዋጋ ምቁፅፃርን /ምዕጋት/።

### ለ.2. ንዕድላት ዕዳጋ ወፃኢ ምጥቃም

በዚ መዳይ እዚ ኣድላይ ውፅኢት ንምርካብ ቱሪዝም ምስፍሕፋሕ፣ ሃፍቲ እንስሳትና ኣብ ፅርየት ምድሃብ፣ ኣትክልትን ፍረምረን ኮምኡውን ዕምበባታት ብበዝሕን ብፅርየትን ምፍራይ፣ ዓለባን ኣግሮ ኢንደስትሪታትን ምስፍሕፋፍ፣ ናይ ማኣድን ልምዓት ምክየድን የድሊ።

ኣብ መዛዘሚ እዋን ቲ ትልሚ /ብ2002 ዓ.ም/ እቶት ንግዲ ወፃኢ ናብዝተደለየሉ ማለት ካብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ውሽጢ ግደ ናብ /15-20 ሚኢታዊ/ ንክበፅሕ በርቲዕካ ምስራሕ።

ሐ/ ኣብ ጂኦግራፊያዊ ኩነታት ዝተደረኸ ስትራተጂ ምኽታል

ዘየድሊ ብኽነት ሃፍቲ ንምክልኻል ዞባታት ልምዓት ብጂኦግራፊያዊ ኩነታት (ብንብረት ኣየርን ኣቀማምጣ መሬትን) ከፊልካ ነንከባቢኡ ኣብዝስማምዑ ምንቅስቓሳት ልምዓት ምውፋር፣

መ/ ቀንዲ ውራይ ልምዓት ከተማታትን ርክብ ከተማን ገጠርን ምጥንኻር

- ምምሕዳር ቤት ማዘጋጃን ካልኦት ምምሕዳራዊ ትካላትን ምጥንካር፣
- ኣብ ኣገደስቲ መሰረተ ልምዓት ከተማታት መዋእለ ንዋይ ብምምዳብ ልምዓታት ምቅልጣፍ፣
- ኣብ በጀት መንግስቲ ፅዕንቶ ዘየሕድሩ ካልኦት ፍልፍላት ገንዘብ ምትእልላሽን ምጥቃምን፣
- ንምምሕዳርን ኣወሃህባ ቦታ ከተማን ብቀፃልነት ምምሕያሽ፣እዚ ኣብ ስራሕቲ ንግዲ ተለዓዓልነት ካብምፍጣሩ ብተወሳኺ ውሕስነት ብምርግጋፅ ሕድሕድ ስድራ ንብረት ንክፍርዩ ከተባብዕ ዝኽእል' ዩ::
- ንኢንዱስትሪ ዝውዕሉ ቦታታት ከተማ ምስፍሕፋሕ:: ምጥንካር ምትእስሳር ገጠርን ከተማን ንመደብ ምንካይ ድኽነት ዘቃላጥፍ' ዩ:: ኣብዚ ከይዲ ዚ ዕዳጋታት ምትእስሳር፣ ምዝውዋር ሓይሊ ሰብ ናፃ ምግባርን ዕድላት ፍልፍል እቶት ንከተማታትን ኣብ ከባቢኦም ንዝርከቡ ገጠራትን ክፍቲ ምግባር ኣገዳሲ' ዩ::

ሠ/ ንከባቢታት ኣርባሕቲ እንስሳ ፍሉይ ቆላሕታ ምሃብ

ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ሸውዓተ ክልላት ዝነብሩ ካብ 12 ክሳብ 15 ሚልዮን ዝቑፀሩ ኣርባሕቲ እንስሳ ይርከቡ::ኣርባሕቲ እንሰሳ ኣብ ሓደ ከባቢ ተረጋጊዖም ስለዘይቅመጡን እዚ ድማ ንኣዋሃህባ ኣገልግሎት ስለዘይጥዕም ኣብ ከባቢታት ኣርባሕቲ እንስሳ ዘሎ ድኽነት ካብ ካልኦት ከባቢታት ክገድድ ጌርዎ' ዩ:: ብሙኻኑ ድማ እዚ ትልሚ ብፍሉይ ንኣርባሕቲ እንሰሳ ዝተዳለወ መርሃ ግብሪ ዝሓቖፈ' ዩ:: ትምህርቲ ብዝምልከት ንስርዓት መነባብሮኦም ዝስማማዕ ሜላ ኣዋሃህባ ትምህርቲ ክዳለውሎም' ዩ:: ንሓለዋ ጥዕና ተንቀሳቀስቲ ግልጋሎታት ጥዕና ክዳለውሎም እዮም:: ንግልጋሎት ሕክምና እንስሳ፣ ምርባሕ ከፍቲ፣ ናይ ዕዳጋ ስርዓታት ቅድመ መጠንቀቕታን ዝተፈለዩ መርሃ ግብሪታት እናተዳለው ይርከቡ:: ኣብ እዋን ሓጋይ ንቀረብ ማይ ዝኾኑ ግልጋሎታት ማይ ኣብ ከባቢኦም ክህነፁሎም' ዮም:: መንገዲን ኣናእሽተይ መስኖታትን ዝኣመሰሉ መሓውራት መሰረተ ልምዓት ተሃኒፆም መነባብሮኦም ካብ ምምሕያሽ ብተወሳኺ ንቀፃሊ ኣብ ሓደ ከባቢ ረጊዖም ንክነብሩ ዘኽእሉ ግልጋሎታት ክመዓራረዩ' ሎም እዮም::

**2.3.3** <u>ምምጥጣን ዕብየት ህዝብን ዕብየት ቁጠባን</u>

ነቲ ሕዚ ዘሎ ሃገራዊ ፖሊሲን ስተራተጂን ስነ ህዝቢ ተግባራዊ ንምግባር ካብዝግበር ፃዕሪ ጎና ጎኒ ግልጋሎት ምጣነ ስድራውን ተጠናኺሩ ክቐፅል' ዩ። እቲ ትልሚ ደቂኣንስትዮ ትምህርቲ ምርካበንን ተግባራት ጎዳእቲ ባህልታት ምውጋእን ዕላማን ፖሊሲን ስነ ህዝቢ ኣብ ምዕዋት ወሳኒ ተራ ኣለዎ ኢሉ ስለዝኣምን ፍሉይ ቆላሕታ ክግበረሉ' ዩ።

**2.3.4** <u>ኩለመዳያዊ ዓቕሚ ደቂኣንስትዮ ኢትዮጵያ ንምጥቃም ዘኽእል ጥጡሕ ኩነታት ምፍጣር</u>

- ዕላማ እቲ ትልሚ ደቂኣንስትዮ ብብዝሒ ናብ ቤት ትምህርቲ ኣትየን ክመሃራን ኣብ መዛዘሚ እዋን ቲ ትልሚ ምስ ደቂተባዕትዮ ማዕረ ተረባሕቲ ንክኾ'ና ምግባር' ዩ፣
- ንጥዕና ደቂኣንስትዮ ዝከታተላ ደቂኣንስትዮ ክኢላታት ጥዕና ክሳብ ደረጃ ቀበሌን ስድራን ብምብፃሕ ኩነታት ጥዕና ደቂኣንስትዮ ንምምሕያሽ ፃዕሪ ምግባር፣ ኣብ መላእ ዛ ሃገር መርሃ ግብሪ ፅንሲ ተዘርጊሑ ስርዓት ዝተሰተኻኸለ ፅንሲን ወሊድን ክረጋገፅ ዩ።
- ኣብ 2002 ዓ.ም 85% ህዝቢ ክሳብ ፍርቂ ኪሎ ማትር ጥራሕ ኣብዝርሕቅ ቦታ ቀረብ ማይ ክረክብ ብምግባር ካብ ርሑቅ ከባቢታት ተጓዒዝከ ማይ ንምቅዳሕ ዝባኽን ዝነበረ ጊዜ ደቂኣንስትዮ ምቑጣብ፣
- ኣብ ገጠራት ንደቂኣንስትዮ ኣናእሽተይ ዕድል ስራሕ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ዘፈራት ምጉልባት።
- ስፍሕ ኣብዝበሉ መርሃ ግብሪታት ንጉዳይ ደቂኣንስትዮ ቆላሕታ ብምሃብ ከም ኤክስቴንሽን ሕርሻ፣ ኣናእሽተይ ልቃሕ፣ ኣተሓሕዛ ሃፍቲ ተፈጥሮን ኣናእሽተይ ስራሕቲ ንግድን ኣብዝኣመሰሉ ምንቅስቃሳት ተዋፈረን መፍረያይነተን ምዕባይ፣
- መሰላትን ዕድላትን ደቂኣንስትዮ ዝሕልው ሕግታትን ትካላትን ምምሕያሽ ምቅፃል፣

**2.3.5** <u>ህንፀት መሰረት ልምዓት ምጥንኻር</u>

ሀ/ <u>መሓውራት መንገዲ</u>

ብመሰረት እቲ ትልሚ ክሳብ 2002 ዓ.ም 90% ዝኸውን ማለት ናብ 20,000 ኪሎ ሜትሮ ዝፅጋዕ ሓዱሽ መንገዲ ኣብ ከባቢታት ገጠር ክስራሕ ዩ። ከምኡ ውን

ካብቶም ዘለው መንገዲታት ውሽጢ 84% ዝኾኑ ስሉጥ ግልጋሎት ንክህቡ ፅገና ክግበረሎም ዩ፣ (ንዘፈር መንገዲ ዝርዝር ኣባሪ ትልሚ 2 ይመልከቱ)።

ለ/ <u>ቀረብ ዝስተ ፅሩይ ማይ</u>

ኣብ ገጠር ንቀረብ ፅሩይ ዝስተ ማይ ብዝምልከት 2133 ሆሮዮታት፣ 14,908 ዓሞቁ□ቲ ዘይኮኑ ጎደጉዲ፣101,355 ብኢድ ዝተኹዓቱ ጎዳጉዲ፣ 404 ዒላታት፣ 556 ቦታታት መዋህለሊ ማይ 14 ፍልፍላት ማይ ገፀ ምድሪ ንምድላውን 11,065 ኣናእሽተይ ፍልፍላትን ንምልማዕ ዝኽእሉ ስራሕቲ ክሳለጡ' ዮም። ብተወሳኺ 48,510 ስራሕቲ ዳግመ ምጥያሽ ክካየዱ' ዮም። ኣብ ውሽጢ ዚ መርሃ ግብሪ ንልምዓት ቁጠባ ዘፈር ውልቀን ንመመሓየሺ መነባብሮ ድኺ ነባሪ ከተማን ኣብ 738 ከተማታት ስራሕቲ ዲዛይንን መፅናፅትን ቀረብ ማይ ኣብ 514 ከተማታት ስራሕቲ ህንፀት ቀረብ ማይን ኣብ 228 ከተማታት ድማ ስራሕቲ ዳግመ ምጥያሽ ትካላት ቀረብ ማይ ንምስላጥ ተተሊሙ ሎ።

ሐ/ <u>ቀረብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ</u>

ኣብ ዘበን ቲ ትልሚ 5 ዓመት ሓደሽትን ዓበይቲ ግድባትን ተሃኒፆም ዓቅሚ መፈልፈሊ ሓይሊ ብ668 ሜጋ ዋትስ ብምዕባይ ሓፈሻዊ ቀረብ ሓይሊ ብሰለስተ ዕፅፊ ንምዕባይ ተተሊሙ' ሎ። ቀረብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ገጠር ብ1997 ዓ.ም ካብዝነበረሉ 16% ኣብመዛዘሚ እቲ ትልሚ ናብ 50% ንምብፃሕ መርሃ ግብሪ ተሓንፂፁ ስራሕቲ ኣብምስላጥ ይርከብ።

መ/ <u>ቴሌኮሚኒኬሽን</u>

ቴሌኮሚኒኬሽን ብዝምልከት ብሓባር ክሰርሑ ዝኽእሉ ኢንቨስተራት ንምስሓብ ልዑል ምንቅስቓስ ይግበር ኣሎ። ካብ 1997 ዓ.ም ክሳብ መወዳእታ ዘበን እዚ ትልሚ እዞም ዝስዕቡ ምዕባለታት ክርከቡ ትፅቢት ይግበር። በዝሒ ዓማዊል ስሩዕ ቴለፎን ካብ 620,000 ናብ ልዕሊ 3 ነጥቢ 23 ሚልዮን፣ በዝሒ ዓማዊል ሞባይል ካብ 410,000 ናብ ልዕሊ 6 ነጥቢ 76 ሚልዮን ብዝሐ ዓማዊል ኢንተርኔት ካብ 17,000 ናብ 193,000 ንምብፃሕ ተተሊሙ' ሎ።

### 2.3.6 ልምዓት ሓይሊ ሰብ ኣጠናኺረካ ምቕፃል

መንግስቲ ኣብቶም ዝቕፅሉ 5 ዓመታት ልምዓት ሓይሊ ሰብ ንምጥንኻርን ስፍሓትን ፅሬትን ትምህርቲ ንምምሕያሽ ፃዕሪ ክገብር' ዩ:: ዕድል ትምህርቲ ብዝምልከት ህፃውንቲ ብፍላይ ድማ ደቂኣንስትዮ ህፃናት ዘጋጥምወን ፀገማት ትምህርቲ ንምቕራፍ ፃዕሪ ክግበር ዩ:: ካብዚ ብተወሳኺ መሰረታዊ ግልጋሎት ጥዕና ብዛተቐላጠፈ መንገዲ ብምስፍሕፋሕ ኣብ መወዳእታ ዘመን እዚ ትልሚ ኩሎም ነበርቲ ገጠር ናይ'ዚ ግልጋሎት ተጠቀምቲ ንክኾኑ ምግባር ኮምኡውን እቶም ዘለውን ዝሰርሑ ሐደሽቲ ትካላት ጥዕና ዓቕሚ ብዝፈቐደ ብሓይሊ ሰብን፣ ናውቲን ገንዘብን ምጥንኻር::

### 2.3.7 ዕድል ስራሕ ምስፍሕፋሕ

መንግስቲ ብመንፅር ምስፍሕፋሕ ዕድል ስራሕ ክልተ ቀንዲ ቀንዲ ተግባራት ይፅበይዎ፤

- መጠን ዕብየት ቁፅሪ ህዝቢ ምቁፅፃርን፣
- ጉልበት ሰብ ብበዝሒ ዝጥቀሙ ውፅኢታዊ ተግባራት ምስፍሕፋሕን' ዮም:: ብሙኳኑ ድማ ኣብ እዋን ዚ ትልሚ ንልምዓት ገጠር፣ ኢንዱስትሪ፣ ንንግዲ ወፃኢ፣ ንኮንስትራክሽንን ካልኦት ብዙሕ ሓይሊ ሰብ ዝደልዩ ስራሕቲ ፍሉይ ስትራተጂካዊ ቆላሕታ  ክግበረሎም'ዩ፣ ኣብ ማእከለዎትን ኣናእሽተይን ትካላት ልምዓትውን ቆላሕታ  ክግበር ዩ::

### 2.3.8 ንሓደጋ ተቓላዒነት ዘስዕቦ ስግኣትን ዘይምርግጋዕን ምዕጋት

ንሓደጋ ተቓላዒነት ብዞም ዝስዕቡ 3 ብርኪታት ክዕገቱ ይግባእ::

- ብደረጃ ሃፍቲ ሰብ፤ ብምንክይ ምህርቲን ብሕማምን ብደረጃ ስድራቤት ዝርአ ፀገም ውሕስና መግቢ ምንካይ
- ብደረጃ አመራርሓ ኢኮኖሚ፤ ብምኽንያት ምንቁልቋል ሓገዝ ልምዓት፣ ናህሪ ዋጋ ነዳዲ፣ ምንካይ ብሄራዊ ኣታዊን ተመሳሰልቲ ምኽንያትን ኣብ በጀት መንግስቲ ዝበፅሕ ፅዕንቶ ምንካይ
- ብደረጃ ሓፈሽዊ ሃገራዊ ኢኮኖሚ፤ ዘይምርግጋዕ ምህርቲ  ውሽጢ ሃገር ብምንካይ ዕብየቱ ቐፃልነት ዘለዎን ንምንካይ ድኽነት ኣስተዋፅኦ ብዝገብር መልክዑ ንክኸን ምግባር::

ነቶም ዝተጠቐሱ ስጉምትታት ንምሕጋዝ ብደረጃ ስድራ-ቤት ኣብ ሓደ ዓይነት ምህርቲ ካብ ምድራኽ አናጊፍካ ዓይነታት ምህርቲ ሕርሻን ካብ ሕርሻ ወፃኢ ዘለው ፍልፍል እቶታት ብምፍጣር (diversification)፣ ኣብ ውሱን ምህርቲ ዝተመስረተ ናይ ወፃኢ

ንግዲ ኣብ ኻልኦት ምህርትታት ንክጥሞት ምግባር፣ ልምዓት መስኖ ምስፍሕፋሕን ብደረጃ ሃገር ለኸ ዝተረጋገፀ ውሕዘት ሓገዝ ንክህሉ ኹነታት ምምችቻውን።

# 3. ሓፈሻዊ ቁጠባዊ መሓውርን ቶላሕታ እቲ ትልሚን

## 3.1 ሓፈሻዊ ልምዓት ቁጠባ

ኣብቲ ዝሓለፈ እዋን ትልሚ ልምዓት ኣብ ዓመት ብማእኸላይ 6 ነጥቢ 4 ሚኢታዊ ቁጠባዊ ዕብየት ተመዝጊቡ ኔሩ። ኣብዚ ናይ ሕዚ እዋን ትልሚ ብማእከላይ ብዓመት ናብ 7% ንምዕባይ ተተሊሙ' ሎ። ናይ ማእከላይ ጊዜ ዕላምኡ ንኢንቨስትመንት ዘተባብዑ ኩነታት ብምፍጣርን ጥጡሕ ፖሊሲታት ብምሕንፃፅን ናይ ምፍራይ ዓቅ ምና ምዕባይ ኢሉ'ውን ምዕባለ ምምዝጋብ'ዩ። ቀንዲ ሽቶታቱ ድማ ሓፈሻዊ ምህርቲ ውሽጢ ዓደ ምዕባይ፣ ዝተረጋግየ ሓፈሻዊ ኩነታት ቁጠባ ምዕሳል፣ ዝለዓለ ናህሪ ዋጋ ብዘየስዕብ መልክዑ ቀረብ ገንዘብ ምስፍሕፋሕን ዝተረጋገፀ ተመን ሸርፌ ወፃኢ ንክህሉ ምግባር ዩ።

ኣብ ዘበን እቲ ትልሚ ቀረብ እትዎታት ሕርሻ ክዓቢ'ዩ። መርሃ ግብርታት ኤክስቴንሽንን ስራሕቲ መስኖን ክስፋሕፍሑ'ዮም። ክፍለ ኢኮኖሚ ሕርሻ ብዓመት ብማእከላይ ብ6 ነጥቢ 2 ሚኢታዊ ንክዓቢ ትፅቢት ይግበር። እዚ ውፅኢት ጋህዲ ዝኸውን ግና ፖሊሲታት ምስፍሕፋሕ ንግዲ ወፃኢ እንትትግበሩን ግልጋሎታት ልቓሕ እንትስፍሕፋን ጥራይ እዩ።

ዘይተፃረየ ኢንቨስትመንት ውሽጢ ዓዲ ብማእከላይ 24% ክኸውን እዩ። ብፅሒት ከይዲ ምውሳኽ ምህርቲ ናብ ቁጠባን ኢንቨስትመንትን ሰለዝኸይድ ተጠቃሚነት፣ ካብ መጠን ዕብየት ብዝነኣሰ መልክዑ ዝውስክ ክኸውን'ዩ። መጠን ዕቋር ካብ ጠቅላላ ምህርቲ 3 ነጥቢ 7 ሚኢታዊ ናብ 13 ነጥቢ 1 ሚኢታዊ ንክዓቢ ትፅቢት ይግበር። ንግዲ ወፃኢ ካብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ኣስታት 20 ሚኢታዊ ከምዝዓቢ ትፅቢት እንትግበር ንግዲ ኣታዊ ብ31 ሚኢታዊ ትሕት ከምዝብል ትፅቢት ይግበር።

## 3.2 ኣታውን ወፃእን መንግስቲ

ኣብ መዛዘሚ ዘበን እዚ ትልሚ ካብ ግብሪ ዝርከብ እቶት ካብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ ብ1997 ካብዝነበረሉ 12 ነጥቢ 5 ሚኢታዊ ናብ 17 ሚኢታዊ ከምዝዓቢ ትፅቢት ይግበር። ወፃኢ ካፒታል ካብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ ካብ 11 ነጥቢ 5 ሚኢታዊ ናብ 16 ሚኢታዊ ንክዓብን ኣብ ምንካይ ድኽነት ዘድሃቡ ወፃእታት ጥራሕ ንክውስኩ ትልሚ ተታሒዙ ሎ።

### 3.3 ወፃኢ ንግድን ቀጥተኛ ናይ ወፃኢ ኢንቨስትመንትን

ኣብ ቡን ምልኣኽ ጥራሕ ምትእምማን ንምንካይ ንግዲ ወፃኢ ብመጠንን ብዓይነትን ንምስፍሕፋሕን ምትብባዕን ፃዕሪ ክግበር'ዩ፡፡ ቡን ንዝተወሰነ ጊዜ ቀንዲ ምህርቲ ንግዲ ወፃኢ ኮይኑ ክቕፅል እንትኽኣለውን ኣብ ዕድላት ንግዲ ወፃኢ ዝያዳ ተረባሒ ንምኳን ንግዲ ወፃኢ ምህርትታት ኣትክልትን ፍረምረን፣ ዕምበባ፣ ስጋ ቆርበትን ዓለባን ንምዕባይ ፃዕሪ ክግበር'ዩ፡፡ ሕጊታት ኢንቨስትመንት ብምምሕያሽ ንቀጥታ ኢንቨስትመንት ወፃኢ ዝያዳ ዝስምማዐ ኩነታት ክፍጠሩ ክግበር ዩ፡፡

### 3.4 ዘፈር ፋይናንስ

ባንክታት ዘበናዊ ኣሰራርሓን ዝተመሓየ ብቕዓትን ንክህልዋም ፃዕሪ ንክገብሩ ክተባብዑ'ዮም፡፡ ንውልቀ ሰብ ሃፍቲ ዝተመሐየሸ ናይ ፋይናንስ ግልጋሎት ምሃብ ክቕፅል'ዩ ፡፡ ኣብ መዛዘሚ እዚ ትልሚ ናይ ውልቀ ባንክታት ቕ ሙጥ ገንዘብን ናይ ምልቃሕ ዓቕሚን ናብ 33% ክብ ክብል'ዩ ተባሂሉ ትፅቢት ይግበር ካብዚ ከተወሳኺ፣ ሜላ ቁፅፅር ብሄራዊ ባንክ ኢትዮጵያ ንክምዕብል ኣድላይ ሓገዝ ክግበር'ዩ ፡፡ ኣናእሽቶን ናይ ልቓሕን ዕቋርን ትካላት ኣብ ገጠር ንክስፋሕፍሑ ኣድላይ ፃዕሪ ክግበር'ዩ፡፡

### 3.5 ፖሊሲ ገንዘብ

ቀንዲ ዕላማ ፖሊሲ ገንዘብ ምርግጋዕ ተመን ሽርፊ ወፃእን ዋጋን ምዕሳልን ኣብ እዋን እቲ ትልሚ ማእከላይ መጠን ዓመታዊ ናህሪ ዋጋ ካብ 8% ንከይሓልፍ ትፅቢት ይግበር፡፡

### 3.6 ዘይተማእከለ ፊስካል ስርዓት ምምሕዳር

ዕላማ ዚ ማእከላይ እዋን ፊስካል ፖሊሲ ካብ ቁፅፅር ወፃእ ዝኾነ ጉድለት ባጀት እንከየጋጠመ ኣብ ከም ሕርሻ፣ ውሕስነት ምግብን ትምህርትን ዝኣመሰሉ ቀንዲ ቀንዲ ዘፈራት በጀት ምውሳኽ ይኸውን፡፡ጉድለት በጀት ካብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ካብ 6 ነጥቢ 5 ሚኢታዊ ንከይዘይድ ፃዕሪ ክግበር'ዩ፡፡ ዕብየት ሕርሻን ንወፃኢ ዕዳጋ ዘፍርዩ ኢንዱስትሪታትን ምምሕያሻ ስርዓት ግብርን ንእቶት መንግስቲ ከምዝዕብዩ ትፅቢት ይግበር፡፡

ንመንግስታት ክልል ዝግበር ቀመር ሓገዝ በጀት ንድሌት ወፃኢታቶምን ዓቕሚ ኣጠቓቕማ በጀቶምን ኣብዝልክዐ መረዳእታታት ተደሪኹ በብእዋኑ ዝመሓየሽ ክኸውን 'ዩ፡፡ ወረዳታት ዝምደበሎም ጥቅሉል በጀት ብዘይ ኢድ ኣእታውነት ከም ድሌት ወፃኢ ከባቢኦም መዲቦም ክስርሓሉ' ዮም፡፡ ኣብመዛዘሚ ዚ ትልሚ ዘመን ሕድሕድ ክልል

ግቡእ ዝኾነ ቀመር ክፍፍል በጀት ወረዳ ክህልዎ እዩ ተባሂሉ ትፅቢት ይግበር፡፡ ወረዳታት ካብ ወረዳታት ዝርከብ እቶት መብዛሕትኡ ንናይ ዓርሶም ረብሓ ንከውዕሉ ክግበር' ዩ፡፡ እቶም ቀመራት ናይ ዓርሶም እቶት ንዘደንፍዑ መተባብዒ ክህሉዎም ክግበር'ዩ ፡፡ ስርዓት ቁፅፅርን ኢንስፔክሽንን ኦዲትንውን ንክጠናኸር ክግበር'ዩ፡፡

## 4. ትልሚ ማሕበረ ቁጠባዊ ዘፈራት

### 4.1 ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ቀንዲ ቀንዲ መሰረታት ስትራተጂ ልምዓት ሕርሻ ኢትዮጵያ

ፍትሓዊ አወሃህባን አጠቓቕማን መሬት ምዕሳሉ ምርግጋፅ፣ ትልሚ አጠቓቕማ መሬት ምውፃእን ተግባራዊ ምግባርን፣ ንዝተፈላለዩ ኢኮሎጂያዊ ዞባታት ሕርሻ ሃገርና ዘገናዘቡ ምህርትታትን ስርዓታት ክፍፍልን ዕዳጋ ክህልው ምግባር አገዳሲ እዩ፡፡ ሓረስቶትን አርባሕቲ እንስሳን ዝሓሸ ረብሓ ዝረኽቡሉም ስራሕቲ ንክሰርሑ መንግስቲ አድላዪ ሓገዝ ክገብር'ዩ፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ሕርሻዊ ኢኮሎጅያዊ አፈላላያቶም ብምድራኽ እዛ ሃገር ኣብ ሽዱሽተ ዝተፈላለዩ ዞባታት ዕብየት ወይ ድማ ኮሪደራት ንክትከፋፈል ተጌሩ እዩ፡፡ ንሳቶም'ው፣

1. ከባቢ ጣና በለስ
2. ንድሬደዋ ማእከል ዝገበረ ምዕራብን ምብራቑን ሃረርጌ
3. ዞባ ሃንፍ ሽንጥሮ
4. ከባቢታት ደቡብን ደቡብ ምዕራብን
5. ከባቢ አዲስ አበባ
6. ማእከላት ልምዓት ጣብያታት ሰፈራ እዮም፡፡

እዞም ዞባታት ዕብየት ከም ማእከላት ዕብየት ንክገልግሉ ዝተተለመ እንትኾን ካብዞም ከባቢታት ዝርከብ ደረጅኡ ዝሓለወ ምህርቲ ናብ ዕዳጋ ዓለም ንክቐርብ ኣድላይ ዘበለ ፃዕሪ ክግበር እዩ፡፡

### 4.2 ትምህርቲ

ሓፈሻዊ ዕላማ ሳልሳይ ፕሮግራም ዘፈር ልምዓት ትምህርቲ /ESDP III/ /1998-2002/ ሽቶታት ልምዓት እዚ ምእተ ዓመትን ሃገራዊ ትልምታት ልምዓትን ንምዕዋት ዘኽእል ብቑዓት ዘለዎ ዝሰልጠነ ሓይሊ ሰብ ብበዝሕን ፅፈትን ምፍራብ እዩ /ሽቶታት ልምዓት ት/ቲ 1ይ ብርኪ አባሪ 3 ተመልከቱ/፡፡

### 4.3 ጥዕና

እዚ ትልሚ ምስ ድኽነት ዝተአሳሰሩ ከም HIV ኤድስ፣ ዓባይ ሰዓል፣ ዓሶ፣ ከምኡውን ንህፃናትን ኣዴታትን ኣብ ዘጥቅዑ ተላበድቲ ሕማማት ከድህብ ዩ ፡፡ ኣብ ከባቢታት ገጠር ፍሉይ ቆላሕታ ዝግበር እንትኾን አገልግሎታት ካብ ቀወምቲ ማእከላት ጥዕና ናብ ህዝቢ

ማለትውን ናብ መንደራትን ብደረጃ ስድራን ንምብፃሕ ፃዕሪ ክግበር እዩ:: ብተወሳኺ ኣብ ኩሎም ብርክታት ኣተሓላልዋ ጥዕና ጉዳይ ማዕርነት ፆታ ክካተት እዩ:: /ንተወሳኺ መረዳእታ ኣባሪ 4 ይርኣዩ/

## 4.4 ቱሪዝም

ቱሪዝም ክሳብ ሕዚ ብግቡእ ዘይተጠቐምናሉ ዘፈር እንተኾነውን ኣብ ዘበን እዚ ትልሚ ቶላሕታ ካብዝወሃቦም ዘፈራት ሓደ ክኸውን እዩ:: ናይ ነዊሕ እዋን ራእይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብ2012 ዓ.ም ኣብ ኣፍሪቃ ውሽጢ ካብ ዝርከባ 10 ልዑላት መብፅሒ ዑደተኛታት ሃገራት ሓንቲ ንምግባር እንትኾን ንምንቅስቓስ ምንካይ ድኽነትውን ቱሪዝም ልዑል ኣስተዋፅኦ ንክህልዎ ምግባር እዩ::

## 4.5 ልምዓት መዓድን

ኣብዚ ዘፈር ዕላማን ስትራተጅን እቲ ትልሚ ሽፋን ጂኦሎጂካዊ ካርታ ምዕባይ፣ ጥጡሕ ኩነታት ምፍጣር፣ መፅናዕታት ጂኦሎጂ ማይ ጂኦፊዚካልን ምህንድስና ጂኦሎጅን ምክያድ፣ ቴክኒክ ዘመሓይሹ ሰነዳት ምድላው፣ ቴክኒካዊ ሓገዝ ምቕራብ፣ ስልጠና ምሃብን ኣማኸርቲ ትካላት ምውዳብን ክኾኑ ዮም::

## 4.6 ስነ-ህዝቢን ልምዓትን

ዕብየት በዝሒ ህዝቢ /ኣብ ዓመት  ብ2 ሚልዮን ምውሳኽ/ ኣብ ሃፍቲ ፅዕንቶ ስለዝፈጥር ንመደብ ምንካይ ድኽነት ዕንቅፋት'ዩ:: ምንካይ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ ኣተሓላልዋ ጥዕና ህፃናትን ደቂኣንስትዮን ድማ ልዑል ግደ ኣለዎ:: ምንካይ መጠን ሞትን ምውሳኽ መጠን ወሊድን መበገስታት ምውሳኽ በዝሒ ህዝቢ'ዮም:: ሕድ ሕድ ኣደ ብማእከላይ 5.4 ቆልዑ ትወልድ:: መጠን ዕብየትውን 2.73 ሚኢታዊ እዩ:: ይኹንምበር ሰባት ንእስ ዝበለ ስድራ ስለዝደልዩ ኣጠቓቕማ መቆፃፀሪ ወሊድ እናተመሓየሸ መጺኡ'ሎ:: ብምኳኑ ድማ ብፍላይ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ሓደ ስድራ ዝውለዱ ቁፅሪ ቆልዑ እናነከየ መጺኡ'ሎ:: ፖሊሲ በዝሒ ህዝቢ ብ2015 ዓ.ም ዓመት ፈረንጂ መጠን ወሊድ ካብ 5.4 ናብ 4 ንምንካይ ኣጠቓቕማ መከላኸሊ ወሊድ ድማ ብ44 ሚኢታዊ ብምዕባይ መጠን ሞት ህፃናትን ኣዴታትን ንምንካይ ዝዓለመ እዩ::

## 4.7 መሰረተ ልምዓት

### 4.7.1 ቀረብ ማይን ኣተሓላልዋ ፅሬትን

ዕላማ ቲ ትልሚ ብ2002 ዓ.ም ቀረብ ፅሩይ ዝስተ ማይ ብከምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ንምምሕያሽ እዩ:: ካብ 1.5 ኪሎ ሜትር ኣብዝነኣሰ ርሕቐት ፅሩይ ማይ ምርካብ ካብ 44 ሚኢታዊ ናብ 80 ሚኢታዊ ኣብ ከተማ ኣብ ፍርቂ ኪ.ሜትሮ ርሕቐት ፅሩይ ማይ ምርካብ ካብ 80.6 ሚኢታዊ ናብ 92.5 ሚኢታዉ ንምዕባየ ተተሊሙ እዩ:: ብተወሳኺ ኣጠቓቕማ መስኖ ሕዚ ካብዝርከበሉ 5 ሚኢታዊ ኣብመዛዘሚ እቲ ትልሚ ናብ 8 ሚኢታዊ ንምዕባይ ተሓሲቡ'ሎ::

ንሽቓቕ ብዝምልከት ኣብ ዘበን እቲ ትልሚ አጠቓቕማ ሽቓቕ ብምግፋሕ ሽፋን ገጠር ካብ 17.5 ሚኢታዊ ናብ 79.8 ሚኢታዊ ሽፋን ከተማ ድማ ካብ 50 ሚኢታዉ ናብ 89.4 ሚኢታዊ ንምዕባይ ተተሊሙ'ሎ:: /ንተወሳኺ መረዳእታ አባሪ 5 ይርኣዩ/

### 4.7.2 ሓይሊ ኤሌክትሪክን ቴሌኮሚኒኬሽንን

ኮርፖሬሽን ሓይሊ መብራህቲ ኢትዮጵያ ንዓቕሚ ምፍልፋል ሓይሊ ካብ 791 ሜጋ ዋትስ ናብ 2,218 ሜጋ ዋት ብምዕባይ ብ2002 ዓ.ም ብሰለስተ ዕፅፊ ንምዕባይ ትልሚ አለዎ:: ብዛዕባ ትልሚ ቴሌኮሙኒኬሽን አባሪ 6 ይርኣዩ::

### 4.7.3 ልምዓት ኢንዱስትሪ

ኣብ ዘበን እቲ ትልሚ ክፍለ ኢኮኖሚ ኢንዱስትሪ በብዓመቱ ብማእከላይ ብ11.5 ሚኢታዊ እናዓበየ ካብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ ሕዚ ዘሎ ናይ 13.6 ሚኢታዊ ብፅሒት ኣብ መዛዘሚ ቲ ትልሚ ናብ 16.5 ሚኢታዊ ንምዕባይ ተተሊሙ'ሎ::

## 5. ህንፀት ዓቕሚ ምፍፃም

ኢትዮጵያ ኣብዚ ሕዚ እዋን ሕገ-መንግስታዊ መሰላት ዜጋታት ንምኽባር ግልፅን ተሓታትነትን ዘለዎ ዲሞክራሲያዊ ዝኾነ ምምሕዳር ንምዕሳል ቀራፅነት አርእያ እያ:: ብምኧኑ ድማ ትልምታት ልምዓት ብአግባቡ ንምትግባር ዝተፈላለዩ ስትራተጂታትን ብዙሓት መመሓየሺ ፕሮግራማትን ሓንፂፃ ኣብምንቅስቓስ ትርከብ::

### 5.1 ህንፀት ዓቕሚ ገጠር ወረዳታት

ኣብ ዘበን እቲ ትልሚ ብደረጃ ወረዳ ዘይምእኹል ምምሕዳር ንምዕሳል ቀላሕታ ዝተውሃቦም ዛዕባታት እዞም ዝስዕቡ ዮም::

- ድሌት ሓይሊ ሰብ ወረዳታት ምንፃር፣ ምምላእን ምልማዕን
- ብቑዕ አወዳድባ ዘለዎም ትካላት ምምሕዳር ወረዳ ምዝርጋሕ
- ንህዝቢ ብገፊሑ ዘሳትፍ ዝተመዓራረየ ስርዓት ምዝርጋሕ
- አመዳድባ ጥቑ ሉል በጀት ወረዳታት ስርዓት አጠቓቕማን ቁፅፅርን ምምሕያሽን ከምኡውን ብቑዓት አፈፃፅማን ምድላውን ትልሚ ወረዳታት ምጥንኻር
- ግልፅነትን ተሓታትነትን ዘለዎም አወሃህባ ግልጋሎታትን መመልከቲ ስልትታት አገማግማ ምድላው
- ዓቕሚ አፈፃፅማ ቀበሌታት ኣብ ኩሎም ዘፈራት ምዕባይ::

## 6. ልምዓት ሓለዋ ከባቢ

ቀንዲ ዛዕባ ከባብያዊ ዘላቕት ምርግጋፅ እንትኾን ቀንዲ ቀንዲ ሽቶታት ዘፈር ሓለዋ ከባቢ እቶም ዝስዕቡ' ዮም::

ሀ/ ንዘላቒ ናብራ ብዝጥዕም መልክዑ ከባቢ ገጠር ምምሕያሽ

ለ/ ኣተሓሕዛን ኣተኣላልያን ርሰሓት ብምምሕያሽ ብዅለት ምንካይ

ሐ/ ከባቢያዊ ዘላቒ ነት ዘለዎ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊን ልምዓት ምክያድ

## 7. ስልትታት ክትትልን ግምገማን እቲ ትልሚ

ስርዓት ክትትልን ግምገማን እቲ ትልሚ እዞም ዝስዕቡ ይሓቁፍ፣

- ፍሉይ መፅናዕትታትን ጎስጓስን ምክያድ፣
- ንከይዲ ውፅኢትን እታዎትን ዘመላኽቱ ሓባሪ ረቛሓታት ምድላው፣
- ከም አሳታፊ ጎስጓስ ድኽነት ዝበሉ ሓደሽቲ ሜላታት ኣብ ስራሕ ምውዓል፣
- ብአብያተ ፅሕፈት ሚኒስትራትን መንግስታት ክልልን ዝተአኻኸቡ ስሩዕ መረዳእታታት ምጥቓም፡፡

ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተፀርሑ ፍልፍላት ብተወሳኺ ብማ/ሰብ ሲቪል ብዝተኣኻኸቡ ከም ኣብ ቀረባ ብ PANE ኣብዝተኻየዱ ፀብፃባት ካርዲ ዜጋታት ዝበሉ መፅናዕታዊ መረዳእታታት ምጥቃም አገዳሲ እዩ፡፡

## ኣባሪ 1: ቀንዲ ቀንዲ ሸቶታት 5 ዓመት ትልሚ ልምዓት

| ዘፈር /ሸቶ ወይ ድማ መመላኸቲ | 1997 መወዳእታ ዝበጽሖ | ሸቶ ትልሚ ቀፃሊ ሓሙሽተ ዓመታት /ብ2002 መወዳእታ/ |
|---|---|---|
| **ሓፈሻዊ ቁጠባ** | | |
| ዕብየት ሓፈሻዊ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ /GDP/ | 10.6 | እንተንኣሰ 7 ሚኢታዊ /ማእከላይ ዓመታዊ ዕብየት/ |
| ሓፈሻዊ ኢንቨስትመንት ውሽጢ ዓዲ ካብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ ዝህልዎ ብፅሒት /ብሚኢታዊነት/ | 20.5 | 26.1 |
| ሓፈሻዊ ቁጠባ ውሽጢ ዓዲ ካብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ ዝህልዎ ብፅሒት /ብማኢታዊነት/ | 3.7 | 13.1 |
| ሓፈሻዊ ንግዲ ወፃኢ ካብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ በቲ እዋን ዋጋ ዕዳጋ ዝህልዎ ብፅሒት /%/ | 15.8 | 19.7 |
| ሓፈሻዊ ኣታዊ ንግዲ ካብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ በቲ እዋን ዝህልዎ ዋጋ ዕዳጋ ዝህልዎ ብፅሒት /%/ | 34.4 | 31.7 |
| ኣታዊ ንግዲ ካብ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ በቲ እዋን ዝህልዋ ዋጋ ዕዳጋ ዝህልዎ ብፅሒት /%/ | 15.8 | 18.7 |
| እቶት ታክሲ ካብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ በቲ እዋን ዋጋ ዕዳጋ ዝህልዎ ብፅሒት /%/ | 12.5 | 17 |
| ሓፈሻዊ ወፃኢ መንግስቲ ካብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ በቲ እዋን ዋጋ ዕዳጋ ዝህልዎ ብፅሒት /%/ | 25.2 | 27 |
| ሓፈሻዊ ወፃኢ ድኽነት ተኮር ካብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ በቲ እዋን ዋጋ ዕዳጋ ዝህልዎ ብፅሒት /%/ | 14.2 | 22.5 |
| ወፃኢ ካፒታል ካብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ በቲ እዋን ዋጋ ዕዳጋ ዝህልዎ ብፅሒት /%/ | 11.8 | 15.8 |
| **ኩነታት ድሕነት መነባብሮ** | | |
| ካብ ሓፈሻዊ መስመር ድኽነት ንታሕቲ ዝነብር በዝሒ ህዝቢ /%/ | 39 | 29 |
| በዝሒ ካብ መስመር ድኽነተ መግቢ ዝነብሩ ህዝብታት /%/ | 38 | 28 |
| **ሕርሻ** | | |
| ዕብየት ተወሳኺ እቶት ሓፈሻዊ ሕርሻ / %/ | 13.4 | 6.2 /ብማእከላይ ዓመታዊ/ |
| ሕርሻን ተዛመድቲ ዘፈራትን ካብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ /GDP/ ዝህልዎም ብፅሒት | 46.2 | 43.9 |

| ዘፈረ /ሽቶ ወይ ድማ መመላኽቲ | 1997 መወዳእታ ዝበጽሓሉ | ሽቶ ትልሚ ቀፃሊ ሓሙሽተ ዓመታት /ብ2002 መወዳእታ/ |
|---|---|---|
| ቀንዲ ቀንዲ ምህርትታት ዘራእቲ /ብሚልዮን ቶን/ | 16.7 | 38.2 |
| ምህርቲ ስጋ /ብ1000 ሜትሪክ ቶን/ | 566 | 837 |
| ንግዲ ወፃኢ ስጋ /ብ1000 ሜትሪክ ቶን/ | 8 | 62 |
| ኢንዳስትሪ | | |
| ዕብየት ተወሳኺ እሴት ኢንዳስትሪ /%/ | 8.1 | 11.5 /ዓመታዊ ማእከላይ/ |
| ኢንዳስትሪ ካብ ሓፈሻዊ ምህርቲ ውሽጢ ዓዲ ዝህልዎ ብፅሒት /%/ | 13.4 | 16.5 |
| **ትምህርቲ** | | |
| ሽፋን ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ /ካብ 1-9 /GER/ | 79 | 100 |
| ምጣነ መዛዘሚ 1ይ ብርኪ ትምህርቲ /%/ | 34 | 63 |
| ኣብ 1ይ ብርኪ ትምህርቲ ደቂኣንስትዮ ምስ ደቂተባዕትዮ ዘለወን ጥምረት | 0.84 | 0.97 |
| ጥምረት ተምሃሮን መፃሕፍትን | 2:1 | 1:1 |
| ጥምረታ ተምሃሮን ክፍልን | 1:69 | 1:50 |
| መጠን ምቁራፅ 1ይ ክፍሊ /%/ | 22.4 | 6.3 |
| **ጥዕና** | | |
| ሽፋን ግልጋሎት ጥዕና /%/ | 70 | 100 |
| ሽፋን ክታበት ዲ.ፒ.ቲ.3 /%/ | 61 | 80 |
| መጠን ሞት ህፃናት | 77/1,000 | 45/1,000 |
| መጠን ሞት ኣዴታት | 871/100,000 | 600/100,000 |
| መጠን ተጠቀምቲ መቆፃፀሪ ወሊድ /%/ | 15 | 80 |
| መጠን ተጠቃዕቲ HIV/ ኤድስ | 0.56 | 0.52 |
| ብዝሰልጠነ ክኢላ ጥዕና ተሓጊዘን ዝወልዳ ኣዴታት /%/ | 9 | 32 |
| **ማይ** | | |
| ሽፋን ቀረብ ማይ /ኣብ ገጠር/ አብ 1.5 ኪ.ሜ ርሕቀት | 35 | 80 |
| ሽፋን ቀረብ ማይ /ኣብ ከተማ/ ኣብ 0.5 ኪሎ ሜ. ርሕቀት | 80 | 92.52 |
| **መንገዲ** | | |
| ሽፋን መንገዲ/ ኪ.ሜ/ 1000 ካ.ሜ | 33.2 | 54.1 |
| መጠን ኣብ ፅቡቅ ኩነታት ዝርከብ መንገዲ /%/ | 64 | 84 |
| ንኹሎም ፀባያት አየር ናብ ዘገልግል መንገዲ ንምብፃሕ ዝወሰድ ጊዜ /ብሰዓት/ | 5 | 3.2 |
| **መብራህቲ /ኤሌክትሪክ/** | | |
| ሽፋን ግልጋሎት መበራህቲ /%/ | 16 | 50 |
| ተጠቀምቲ ግልጋሎት መበራህቲ ከተማታት /ብቁፅሪ/ | 648 | 6,000 |
| **ቴሌኮሙኒኬሽን** | | |
| ሽፋን ግልጋሎት ቴሌፎን /ኣብ 5 ኪ.ሜ/ /%/ | 6 | 100 |
| ግልጋሎት ቴሌፎን ዝረኽቡ ቀበሌታት /ብቑፅሪ/ | 3,000 | 15,000 |
| ደንሲቲ ተጠቀምቲ ሞባይል /%/ | 0.56 | 8.1 |
| ደንሲቲ ተጠቀምቲ ስሩዕ ስልኪ /%/ | 0.85 | 3.87 |
| አገልግሎት ቴሌኮሙኒኬሽን ኣብ ቀረበኡ ዝረክብ ሰብ /%/ /ኣብ ውሽጢ 5 ኪ.ሜ ሬድየስ/ | 6 | 160 |

| | | |
|---|---|---|
| ተጠቀምቲ ስሩዕ ስልኪ /ብሚልዮን/ | 0.62 | 3.23 |
| ተጠቀምቲ ሞባይል /ብሚልዮን/ | 0.411 | 6.761 |
| ተጠቀምቲ አገልግሎት ኢንተርኔት /ብቑፅሪ/ | 17,375 | 193,100 |
| **ማዕድን** | | |
| ሽፋን ምዕባይ ካርታ ጂኦሎጂ /%/ | 38 | 53 |
| ሽፋን ምዕባይ ሃይድሮጂኦሎጂ /%/ | 27 | 42 |
| ሽፋን ምዕባይ ኢነጅነሪንግ ጂኦሎጂ /%/ | 7 | 15 |
| ሽፋን ምዕባይ ጂኦፍዚክስ /%/ | 65 | 80 |
| **ልምዓት ከተማ** | | |
| ምንካይ ስእነት ስራሕ ኣብ ከተማ /ልዕሊ 50,000 በዝሒ ህዝቢ ዘለወን /%/ | 40 | 20 |
| ቀረብ መጠልያን መሰረታዊ አገለግሎትን /%/ | 30 | 65 |
| ህንፀት ሓደሽቲ መንበሪ ኣባይቲ ብቑፅሪ | - | 100,000 /ዓመታዊ ማእከላይ/ |
| መጠን ቀረብ ግልጋሎትን መሰረተ ልምዐት መሬትን | - | 3,800 ብሄክታር /ዓመታዊ ማእከላይ/ |
| ምንካይ ዝተጎድኡን ዝተጨናነቑን ከባብታት /%/ | 70 | 35 |
| ትካላት ንግዲ አናእሽተይን ደቀቕትን ብቑፅሪ | - | 12,000 /ዓመታዊ ማእከላይ/ |
| **ንግዲ ወፃኢ** | | |
| እቶት ኤክስፖርት ምህርታት ሕርሻ /ብሚልዮን ዶላር ኣሜሪካ/ | 546 | 1515 |
| እቶት ኤክስፖርት ንኡስ ዘፈር ኢንዳስትሪ /ብሚሊዮን ዶላር ኣሜሪካ/ | 63.73 /ቆርበትን ውፅኢት ቆርበትን/ | 500 |
| ምዕባይ ካብ ዘፈር ማዕድን ዝርከብ እቶት /ብሚሊዮን ናይ ኢትዮጵያ ብር/ | 20 | 44.7 |

**ኣባሪ 2: ሽቶ ትልሚ ልምዓት 5 ዓመት ዘፈር መንገዲ**

| ዕላማታት | መመላኽቲ | መበገሲ ዓመት1997 | ፈላማይ ዓመት 1998 | 2ይ ዓመት1999 | 3ይ ዓመት2000 | 4ይ ዓመት2001 | 5ይ ዓመት2002 | ፍልፍላት መረጋገፂ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1. ምብፃሕ መንገዲ (Increased accessibility) | ክረምትን ሓጋይን ናብ ዘገልግል መንገዲ ዝወስድ ሰዓት ምንካይ | 5 | 4.9 | 4.5 | 4.1 | 3.6 | 3.2 | ፀብፃብ ልምዓት ዘፈር መነገዳ |
| | ክረምትን ሓጋይን ካብዘገልግል መንገዲ ልዕሊ 5 ሰዓት ሪሒቖም ዝርከቡ ከባቢታት ምንካይ | 72 | 71 | 69 | 67 | 63 | 59 | ,, ,, |
| | ክረምትን ሓጋይን ካብዘገልግል መንገዲ ልዕሊ 2 ሰዓት ሪሒቖም ዝርከቡ ከባቢታት ምንካይ | 88 | 87 | 86 | 875 | 83 | 81 | ,, ,, |
| 2. ምዕባይ ምፅግጋዕ መንገዲ (Increased road network density) | ምፅግጋዕ መንገዲ ንመንገድታት ሕ/ሰብ ሓዊሱ /ኪ.ሜ/1000 ሰዓት/ | 33.6 | 34.9 | 37.8 | 41.7 | 47.5 | 54.1 | ,, ,, |
| | ምፅግጋዕ መንገዲ ንመንገድታት ሕ/ሰብ ሓዊሱ /ኪ.ሜ/1000/ | 0.51 | 0.51 | 0.54 | 0.59 | 0.65 | 0.72 | ,, ,, |
| 3. ኩነታት መሓውረ መንገዲ | ተቐባልነት ኣብዘለዎ ኩነታት ዝርከባ ብፅሒት መሓውር መንገድታት | 64 | 66 | 71 | 75 | 80 | 84 | ,, ,, |
| | ካብ ሓፈሻዊ በጀት ልምዓት መንገዲ ብፅሒት ንፅገና ዝምደብ በጀት | 22 | 24 | 26 | 28 | 30 | 32 | ,, ,, |
| 4. ሓደሽቲ ዝህነፁ መንገድታት | ኣብ ፌደራልን ክልልን ዝህነፁ ሓደሽቲ መንገድታትን ኣናሽተይ መንገድታት ሓዊሱ /ነውሒ ብኪ.ሜ/ | 552 | 1367 | 3160 | 4362 | 6354 | 7214 | ፀብፃባት ፕሮጀክት |
| 5. ዘፈር ውልቀ ኮንስትራኽሽን ኣብ ልምዓት መንገዲ ዘለዎ ተሳትፎ ምዕባይ | ብፅሒት ዘፈር ውልቀ ኣብ ፅገናን ህንፀትን መንገዲ /%/ | 60 | 75 | 80 | 85 | 85 | 82 | ፀብፃብ ኣፈፃፅማ |
| 6. ምዕባይ ምንቅስቓስ ሸቀጣትን ትራፊክን | ማእከላይ ዓመታዊ ነውሒ ጉዕዞ ተሽከርከርቲ /ብሚሊዮን ኪ.ሜ/ | 5.604 | 2.884 | 3.178 | 6.487 | 6.811 | 7.151 | ፀብፃባት መፅናዕቲ ምንቅስቓስ ትራፊክ |

ኣባሪ 3: ሸቶታት ልምዓት 1ይ ብርኪ ትምህርቲ

| ሸቶ | መመልከቲ | 1977 | 1998 | 1999 | 2000 | 2001 | 2002 |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ምዕባይ ተሳትፎ ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ | መጠን ንፁር ተሳትፎ* ቀዳማይ ብርኪ ቀዳማይ ሳይክል (Net enrollment rate) | **67.6** | **70.69** | **74.6** | **78.6** | **82.6** | **86.6** |
| | ጓል | **65.1** | **68.3** | **72.3** | **76.3** | **80.3** | **84.3** |
| | ወዲ | **69.9** | **72.9** | **76.9** | **80.9** | **84.9** | **88.9** |
| | መጠን ንፁር ተሳትፎ* ካልኣይ ሳይክል ቀዳማይ ብርኪ (Net enrollment rate) | **33.9** | **39.9** | **45.8** | **51.8** | **57.8** | **63.8** |
| | ጓል | **29.4** | **35.3** | **41.3** | **47.3** | **53.3** | **59.3** |
| | ወዲ | **38.3** | **44.0** | **50.0** | **56.0** | **62.0** | **68.0** |
| ምንካይ ምቁራፅ ትምህርቲ | መጠን ምቁራፅ ቀዳማይ ክፍሊ ትምህርቲ | **22.4** | **19.1** | **15.9** | **12.7** | **9.5** | **6.3** |
| ምዕባይ መጠን ምዝዛም 1ይ ብርኪ ትምህርቲ | መጠን ምዝዛም ሓምሻይ ክፍሊ ትምህርቲ | **57.4** | **78.4** | **77.8** | **88.7** | **121.1** | **136.6** |
| | መጠን ምዝዛም ሻምናይ ክፍሊ ትምህርቲ | **34** | **39** | **42** | **45** | **58** | **63** |
| ምንካይ ጥምረት መማህራንን ተምሃሮን 1ይ ብርኪ ትምህርቱ (Pupil teacher ratio) | ቀዳማይ ሳይክል ቀዳማይ ብርኪ /1-4/ | **71** | **69** | **65** | **61** | **58** | **63** |
| | ካልኣይ ሳይክል 1ይ ብርኪ /5-8/ | **55** | **55** | **52** | **80** | **47** | **45** |
| | ካልኣይ ብርኪ /9-12/ | **78** | **70** | **53** | **55** | **48** | **40** |
| ኣብ ቀንዲ ቀንዲ ዓይነት ትምህርቲ መምሐያሽ ቀረብ መፃሕፍቲ | ጥመርታ መምሃሪ መፃሕፍትን ተምሃሮን መፃሕፈትን ተምሃሮን /Pupil textbook ratio/ | **2:1** | **1.5:1** | **1:1** | **1:1** | **1:1** | **1:1** |

* ንፁር ተሳትፎ ቀዳማይ ብርኪ ኣብ መምሃሪ ዕድመ 1ይ ብርኪ ካብዘለው ህፃናት /ካብ 7-14 ክልል ዕድመ/ 1ይ ብርኪ ትምህርቲ ዝመሃሩ ዮም፡፡

## ኣባሪ 4፡ ሽቶታት ዓመታዊ ልምዓት ዘፈር ጥዕና

| መመልከቲ | ብ1997 ዝርከበሉ | ሽቶታት 2002 |
|---|---|---|
| ሞት ህፃናት | 97/1000 ብ1996 ዓ/ም | 45/1000 |
| ሞት ዕድሚኦም ትሕቲ 5 ዓመት ዝኾኑ ህፃናት | 140/1000 ብ1996 ዓ/ም | 85/1000 |
| ሞት ኣዴታት | 871/100000 ብ1996 ዓ/ም | 666/100000 |
| መጠን ምፍዋስ ሳምባ ነቀርሳ /%/ | 76 | 85 |
| ሽፋን ክታበት ዲፒቲን /%/ | 70 | 80 |
| መጠን ተጠቀምቲ መቆፃፀሪ ወሊድ /%/ | 15 | 60 |
| መጠን ብዝሰልጠኑ ክኢላታት ጥዕና ዝወልዳ ኣዴታት | 9% | 32% |
| ነብሲ ወከፍ ግልጋሎት ተመላለስቲ ሕክምና | 0.3 | 0.6 |
| መጠን 2 ዛንዜራ ዝጥቀሙ ንዓሶ ኣብዝተቃልዐ ከባቢ ዝነበሩ ስድራ /%/ | 1 | 100 |
| ጥመርታ ክኢላታት ጥዕናን ህዝብን (ዶክተር /ህዝቢ) | 1:26,527 | 1:2,500 |
| ጥመርታ ሰራሕተኛታት ኤክስቴንሽንን ህዝብን | 1:25,000 | 1:2,500 |

## ኣባሪ 5፡ ሽቶታት ትልሚ ልምዓት ሃፍቲ ማይ

| መመልከቲ | 1998 | 1999 | 2000 | 2001 | 2002 |
|---|---|---|---|---|---|
| ቀረብ ፅሩይ ማይ /ካብ ብዝሒ ህዝቢ ካብሚእታዊ/ | 51.5 | 60.4 | 68.8 | 76.8 | 84.5 |
| ቀረብ ማይ (ገጠር) ዝረክብ ህዝቢ /ኣብ 1.5 ኪ/ሜ ክልል/ /%/ | 44 | 53 | 62 | 71 | 80 |
| ቀረብ ማይ ከተማ ዝረክብ ህዝቢ /ብ15 ኪ.ሜ ክልል / /%/ | 80.6 | 83.5 | 86.1 | 89.2 | 92.5 |
| ህንፀት ልምዓት ማእከላይን ላዕለዋይን መስኖ /ብሄክታር/ | 72,550 | 116,432 | 63,088 | 43,965 | 23,645 |
| ዝተመሓየሽን ፅገናን ኦፕሬሽንን /ኣብ ገጠር ግልጋሎት ዘይህቡ ፍልፍላት ማይ/ | 30 | 25 | 20 | 15 | 10 |

ኣባሪ 6: <u>ሸቶታት ኣብቲ ትልሚ ልምዓት ዝትመረፁ ዘፈራት ቴሌኮም</u>

| መመላኸቲ | መበገሲ ዓመት /1997/ | ኣብ መወዳእታ ሓሙሸተ ዓመት /2002/ |
|---|---|---|
| መጠን ኣብ 5 ኪ/ሜትር ርሕቀት ግልጋሎት ቴሌኮሚኒኬሽን ዝረክብ ህዝቢ /%/ | 13 | 100 |
| መጠን ንዓማዊል ዝርከብ መስመር ስሩዕ ስልኪ | 0.85 | 3.87 |
| መጠን ንዓማዊል ዘራኽብ መስመር ሞባይል ስልኪ | 0.56 | 8.1 |
| ቁፅበ ዓማዊል ኣገልግሎት ኢንተርኔት | 17,375 | 193,100 |
| በዝሒ መስመር ስልኪ ዝኣትወሎም ቀበሌታት /እንተነኣሰ ካብ 5 መስመር/ | 3,000 | 15,000 |

<u>መዘኻኸሪ</u>

- ደንሲቲ ስሩዕን ሞባይልን ስልክታት ኣብ ትንበያ ዕብየት ቁጠባ /GDP/ ዝተደረኸ እዩ።
- ግልጋሎት ቴሌፎን ዘለዎም ቦታታት ንከተማታት ወረዳ፣ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ቀበሌታት ገጠርን ጣብያታት መውሃቢ ግልጋሎት ቴሌኮምን ዘካትት እዩ።
- ሕድ ሕድ ግልጋሎት መውሀቢ ቦታ ካብ 5-30000 ዓቕሚ ዓማዊል ክህልዎ'ዩ።

## ዕላማታት ልምዓት ሚእቲ - ዓመት

1ይ ዕላማ: ዝኸፍአ ድኽነትን ጥምየትን ምጥፋእ

2ይ ዕላማ: ናይ ቀዳማይ ብርኪ ትምህርቲ ንኹሉ ምብፃሕ

3ይ ዕላማ: ፆታዊ ማዕርነት ምድጋፍን መሰል ደቂ-ኣንስትዮ ምኽባርን

4ይ ዕላማ: መጠን ሞት ህፃውንቲ ምንካይ

5ይ ዕላማ: ምምሕያሽ ጥዕና ኣዴታት

6ይ ዕላማ: ኤድስን፣ ዓሶን ካልኦት ሕማማትን ንምጥፋእ ምቅላስ

7ይ ዕላማ: ዘላቒነት ምቹው ኸባቢ ምርግጋፅ

8ይ ዕላማ: ምጉልባት ዓለም ለኻዊ ምሕዝነት ልምዓት

## Millennium Development Goals

**Goal 1:** Eradicate extreme poverty and hunger

**Goal 2:** Achieve universal primary education

**Goal 3:** Promote gender equality and empower women

**Goal 4:** Reduce child mortality

**Goal 5:** Improve maternal health

**Goal 6:** Combat HIV/AIDS, malaria and other diseases

**Goal 7:** Ensure environmental sustainability

**Goal 8:** Develop a global partnership for development

## ፖቨርቲ ኣክሽን ኔትወርክ ኢትዮጵያ (ፖኣኔኢ)

ፖኣኔኢ ኣብ ኢትዮጵያ ቀዳማይ መሓውር ሲቪል ሕብረተሰብ እንትኾን ብፍላይ ድማ ውዳበታት ሲቪል ሕብረተሰብ ኣብ ከይዲ ስትራተጂ ምንካይ ድኽነት ማለት ኣብ ምርቃቕን ምትግባርን ከምኡውን ኣብ ቁፅፅርን ገምጋምን ፖሊሲታት ንክሳተፉ ይገብር። ብተወሳኺ፣ ብምርምርን፣ ትንታነ ፖሊሲን፣ ምውስዋስን ሓበሬታ ብምልውዋጥን ኣብ ወረቐት ስትራተጂ ምንካይ ድኽነት እጃሙ የወፊ። ፖኣኔኢ ብዙሓት ኣበላት ሲቪል ሕብረተሰብ ዝሓቖፈን ክልላዊ ጨንፈራት ዘለውዎ'ዩ።

## ራእይ ፖኣኔኢ

ሕሱም ድኽነት ጠፊኡ ህዝብታት ኢትዮጵያ ብኽብርን ብናፅነትን እንትነብሩ ምርኣይ።

## ልእኽቶ ፖኣኔኢ

ዜጋታት ኣብ አወፃፅኣን፣ ኣተገባብራን፣ ቁፅፅርን ገምጋምን ፓሊሲታት ርኡይ ተሳትፎ ንክህልዎም ብምግበር ድምፂ እቱ ድኻ ህዝቢ ብሰበ ሰልጠናት ንክስማዕ ብምግባርን ሲቪል ሕብረተሰብን፣ መንግስትን፣ ወሃብቲ ሓገዝን ተሓታትነቶም ነቱ ድኻ ብምግባር ናይ ሐባር ተሓታትነት ምርግጋፅ።

## ዕላማታት ፖኣኔኢ

ሓፈሻዊ ትካላዊ ዕላማታት ፖኣኔኢ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

- ንድኻ ማዕኸል ዝገበሩ ፖሊሲታት ልምዓት ንክወፁ ምትብባዕ።
- ኣብ ምውፃእን፣ ምትግባርን ከምኡውን ኣብ ገምጋም ፖሊሲታትን ርኡይ ተሳትፎ ሲቪል ማሕበራት ምርግጋፅ።
- ድምፂ ዝተፈላለዩ ሲቪል ማሕበራትን ዝተረስዑ ወገናትን ብመውፅእቲ ፖሊሲ ቆላሕታ ንክረኽቡ ምግባር።
- ምሕዝነት ሲቪል ማሕበራት ምስ መንግስቲን ወሃብቲ ሓገዝን ምጥንኻር።
- ድኽነት ንምንካይ ማሕበረሰብ ዘማእኽሉ ውዳበታት ምፍጣርን ኣቕሚ ኸባቢ ምምሕዳር ምጥንኻርን።

**<u>አድራሻ</u>**
ፖቨርቲ አክሽን ኔትወርክ ኦፍ ሲቪል ሶሳይቲ ኦርጋናይዜሽንስ ኢን ኢትዮጵያ (ፓኔ)

ቁ. ስልኪ፡
+251-011- 663 59 65
+251-011- 663 94 28

**ፋክስ**: +251-011- 663 96 79
**ፖ.ሣ.ቁ**: 2433 **ኮድ** 1250
**ኢሜይል**: pane@ethionet.et
**ድረ ገጽ** : www.pane.org.et
**ኣዲስ ኣበባ፣ ኢትዮጵያ**